# *ወዲ ሰራሒ ማዕዖ - ዝብኢ ወሰዶ -ክይኸውን!*

**ኣብ ቆላ ግርዓልታ - ናብ ጥቓ ድጉም እትበሃል እግሩ ዝወሰዶ ሓደ ጋዜጠኛ ብቴሌቪዥን ቀሪፁ ዘዘንተዎ ታሪኽ፣**

*ወልዳይ ንሕፀ ዝበፀሐ ወዲ 24 ዓመት ሓረስታይ'ዩ። ሰይፉ ድማ ገና ወዲ 7 ዓመት ህፃን። ናይ ክልቲኦም ዕድመ ሪኢኻ ኣቦን ወድን መተብሃሉ። ንወልዳይን ሰይፉን ኣብ ሓንቲ ዳስ ጎድና-ጎድኒ ኣብ እምኒ ኮፍ ክብሉ ዝገበሮም ግና ዝምድና ኣይነበረን። ዘራኽበቶም ዉራይ ትምህርቲ"ያ። እቲ ጋዜጠኛ ብካሜርኡ ቀሪፁ ናብ ህዝቢ ኣብ ዘቕረቦ ታሪኽ ኣብ ቀዳማይ ክፍሊ ኮፍ ኢሎም ምድማርን ምጉዳልን ቁፅርታት ዝመሃሩ ተምሃራይ ወልዳይን ተምሃራይ ሰይፉን ኣብሞንጎኦም ብዘሎ ዕድመ ብዙሕ ከይተሸገሩ ክረዳድኡ እንትፍትኑ ሪኡ ከምዝተገረመ ገሊፁ።*

ኣብዚ ዘሎ ታሪኽ ብሓደ ገፅ ተስፋ ዝህብ በቲ ካልእ ድማ ስኽፍታ ዘእቱ'ዩ። ዓለም ናብ ዲጂታል ቴክኖሎጂ ኣብዝኣተወትሉ ኣብ መበል 21 ክፍለ-ዘመን ኣብ ዳስን እምንን ዝመሃሩ አሕዋት ከምዘለዉና እንትንገረና ምጕሃይና ኣይተርፍን። ክንዲ ወልዳይ ዝኣክል ንዓቅመ-ኣዳም ዝሰገረ ሰብ ኣብ ናይ ዩኒቨርሲቲ ዕድምኡ ኣብ 1ይ ክፍሊ ምስዝወልዶም ቆልዑ እንተመሃር ብሕልናና መዚንና ክንደይናይ ካብ ትምህርቲ ዝቦኸረ ዓዲ ከምዘለና ኢና ነስተማስል። ኣብ ዳስ'ውን እንተኾነ ሰይፉ ክንዲ ወልዳይ ከይተፀበየ ኣብ ግቡእ ዕድምኡ ምጅማሩ እዚ ወለዶ ናብ ዝሓሸ ተስፋ ይጓዓዝ ከምዘሎ ዘርኢ ምልክት'ዩ።

ብዘበን ኣክሱምን ቅድሚኡን ወለድና ዓለም ዓይና ከየንቆሐት ብሳይንስ፣ ፍልስፍናን ክህሎታትን ይጥበቡታ ኔሮም። ብናይ ባዕሎም ፊደል ይቐርፁን ይስንዱን ኔሮም። ዓለም ዝቐንአሎም ጥበባውያን ኔሮሙና። ሎሚ ጥበብን ፍልጠትን ጓና ኮይኑና፣ ምምራሕስ ይትረፍ ደደሕሪ ካልኦት ምስዓብ ዝኸብደና ህዝቢ ኮይንና ንርአ። ደቂ ሰራሕቲ ማዕፆ ኮይንና ጀሚርና ካልኦት ናብ ኣዳራሽ እንትኣትዉ ንሕና ናብ ዳስ ወፂእና። እንተኾነ ግን፤ "ነይሩኒ" ምባል ዝዓብሶ ነኺል የለን። ነታ መገዲ ሕውየትን ክብረትን ሰይፉን ወልዳይን ኣርእዮሙና ኣለው። ክሳብ ኣደራሽ ዝስራሕ፤ ክሳብ ወንበርን ጠረጴዛን ዝቐርብ በታ ዝኽእልዋ፣ ነታ ዝኽእልዋ ይግብሩ ኣለው። ንሕና'’ኸ?

ማሕበር ልምዓት ትግራይ- ጫንፋር ዋሽንግተን ዲሲ April 16, 2006 ኣብ ሃዋርድ ይኒቨርስቲ ኣብ ዝተኻየደ ዳግመ-መጣየሺ ኣኼባ ኣብ ገጠራት ትግራይ 4 ኣብያተ ትምህርቲ (1 ኣብ ራያ፣ 1 ኣብ ሳምረ፣ 1 ኣብ ወልቃይት፣ 1 ኣብ ሽረ) ንክተህንፅ ከምእተወሰነ ይዝከር። ነዚ ዝኸውን ገንዘብ ንምውህላል ዝተፈላሌዩ ምንቅስቓሳት ይግበሩ'ለው። ምእንት'ዚ ድማ ንሶምን ካልኦት ተገደስትን ዝሳተፉሉ ናይ ሓገዝ መተኣኻኸብን መተሓዋወስን ክኸውን January 20, 2007 ካብ 5:00PM ዝጅምር ናይ ድራር እንግዶት ዋሽንግተን ዲሲ ኣብ ዝርከብ **ኢምባሲ ኢትዮጵያ** ተሰናዲኡ ስለዘሎ ንሶምን ስድሮኦምን ንኽረከቡልና ብኽበሬታ ንዕድም።

**ኮሚቴ ማልት ጨንፈር ዲሲ**

---

ንሓበሬታ፡ 202-3780034 202-3298601 443-9898639